# መደብ ርትዓዊ ትራንዚት

# Affordable Transit Program (ATP)




ኣብ ዋጋታት GRT ብኸመይ
ምቑጣብ ከምእትኽእሉ ተምሃሩ

**ኣብ Waterloo Region ብትሑት እቶት ትነብር እንተኾንካ ንመደብ ርትዓዊ ትራንዚት (ATP) ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።**

**ATP ኣብ ዋጋ ናይ GRT ናይ ክፍልታት ቅናስ ይህብ። ንዝርዝር ሓበሬታ ኣብ grt.ca/fares ተወከሱ።**

| **ዋጋ ምህርቲ** |
| --- |
| ወርሓዊ መሕለፊ |
| ዝተዓቀበ ዋጋ ክፍሊት |
| MobilityPLUS ATP ቲኬታት (ካብ 5 ስትሪፕ) |

## መን ከመልክት ይኽእል?

ዝኾነ 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኡ ሰብ ን ATP ከመልክት ይኽእል እዩ። ናይቲ መደብ ብቑዕነት ኣብ ጽሩይ ኣታዊ ስድራቤትካ (መስመር 23600 ካብ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባላት ግብሪ ምምላስ) ዝተመርኮሰ እዩ፣ እዚ ንመጻምድትኻ/በዓል/ቲ ሓዳርካ ከምኡ'ውን ዝኾነ 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኡ ኣብ ስድራቤትካ ዝርከብ ጽግዕተኛ የጠቓልል። እንተድኣ ተፈቒዱ ነቶም 17 ዓመትን ትሕቲኡን ዝዕድሚኦም ሓዊስካ ኩሎም ኣባላት ስድራቤትካ ናይ ATP ቅናስ ክረኽቡ ይኽእሉ። ብዛዕባ ብዝሒ ስድራቤትን ገደብ ኣታዊታትን ሓበሬታ ንምርካብ፣ ብኽብረትኩም ኣብ **grt.ca/ATP** ተወከሱ።




## ናይ ATP ብቑዕነት ብክፍሊ ኣገልግሎት ማሕበረሰብ Region of Waterloo ይመሓደር።

ዕድሜኻ 17 ዓመት ወይ ትሕቲኡ እንተኾይኑን ብገንዘብ ርእስኻ ዝኸኣልካ እንተኾንካን ንዝያዳ ሓበሬታ ብኽብረትካ ምስ ሰራሕተኛ ጉዳይካ ወይ ኣገልግሎት ማሕበረሰብ ተራኸብ።

**ናይ ምሉእ ግዜ ናይ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ተማሃሮ ንመደብ ርትዓዊ ትራንዚት ብቑዓት ኣይኮኑን።**

## ብኸመይ ከመልክት እኽእል?

- **ኦንላይን ኣብ grt.ca/ATP**
- **ብኣካል ኣብ ሓደ ካብ ማእከላት መቐበሊ ኣጋይሽ ኣገልግሎት ማሕበረሰብ፣ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ቅ.ቀ ክሳብ 4:30 ድ.ቀ ክፉት እዩ።**
  - 99 Regina Street South, Waterloo
  - 20 Weber Street East, Kitchener
  - 150 Main Street, Cambridge

ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ብ 519-883-2100 ext. 2, ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ቅ.ቀ ክሳብ 3 ድ.ቀ ደውሉ።

**ብቑዕነት ንሓደ ዓመት ይጸንሕ። ኣመልከትቲ ኣብቲ መደብ ንኽጸንሑ ቅድሚ ናይ ካርዶም ናይ ኣገልግሎት እዋን ምውድኡ ኣብ ዘለዉ 30 መዓልታት ዳግማይ ከመልክቱ ኣለዎም።**

## ንኽመልክት እንታይ የድልየኒ?

ናይ ኣድራሻን ኣታዊ ገዛኻን መርትዖ ከተቕርብ ከድልየካ እዩ። ነዚ ብኢንተርነት ወይ ብኣካል ኣብ ማእከላት መቐበሊ ኣጋይሽ ኣገልግሎት ማሕበረሰብ ክትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ'ቲ ንምምልካት እንታይ ከምዘድሊን ተቐባልነት ዘለዎም ሰነዳትን ንእዋናዊ ሓበሬታ ብኽብረትኩም ኣብ **grt.ca/ATP** ተወከሱ።

## ኣየኖት ሰነዳት እዮም ተቐባልነት ዘለዎም?

**ናይ ኣድራሻ መረጋገጺ/መርትዖ** (ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ)

- ቅኑዕ ፍቓድ መዘወሪ መኪና
- ናይ Ontario መለለዪ መንነት
- ብመንግስቲ ዝተላእከ ፖስታ
- እዋናዊ ናይ ዩቲሊቲ ሒሳብ
- ኣይ ክራይ ውብሊት ወይ ውዕሊ
- ሰነድ ሞርጌጅ

**ናይ ኣታዊ መርትዖ**

(ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ንነፍሲ ወከፍ ኣብ ገዛኻ/ስድራኻ ዝርከብ 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኡ ሰብ)።

- ናይ ትካል እቶት ካናዳ ምልክታ ገምጋም
- ካብ ምዝጉብ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ደብዳቤ
- ናይ CRA መርትዖ መግለጺ እቶት (ኣማራጺ ሐ)

**ኣብዚ ናይ ካላንደር ዓመት ኣብ ካናዳ ሓድሽ እንተኾይንካ፣ ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ:**

- PR ወይ ዜግነት ካርድ
- ሰነድ ሓለዋ ስደተኛታት
- ናይ ሕቶ ይግበኣኒ መረጋገጺ
- ናይ ስራሕ ፍቓድ
- ናይ ቀዋሚ መንበሪ መረጋገጺ

**ናይ ቀደም ተምሃራይ እንተኾይንካ:**

ኣብ ዝሓለፈ ካላንደር ዓመት ተማሃራይ እንተኔርካ፣ ናይ ምዝዛም/ምረቓ ሰነዳት መርትዖ ከተቕርብ ከድልየካ እዩ።

## ኣቐዲመ ማሕበራዊ ሓገዝ ረኺበ እንተኔረ'ኸ?

ዓማዊል Ontario Worksን መደብ ደገፍ ስንክልና ኦንታርዮ (Ontario Disability Support Program) ን ነዞም ዝስዕቡ ክሕተቱ እዮም፡-

- ዕለት ልደት
- ናይ SAMS ናይ ኣባልነት መለለዪ ወይ ቁጽሪ ማሕበራዊ መድሕን

## ተቐባልነት ከምዝረኸብኩ ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል?

መመልከቲ ካብ ዘእተኻሉ ኣብ ውሽጢ ኣስታት ሸውዓተ መዓልታት ብኢመይል፡ ብጽሑፍ ወይ ብተሌፎን ክትሕበር ኢኻ።




GRT
GRAND RIVER TRANSIT

# ዝኾነ ሕቶ ምስዝህልወኩም

**ብኽብረትኩም ንማሕበረ ሰብኣዊ ኣገልግሎት**
**ብቑጽሪ ቴሌፎን 519-883-2100 ext. 2. ደውሉ**
ሰዓታት: 9 ቅ.ቀ – 3 ድ.ቀ ሶኒ - ዓርቢ

**ምስማዕ ዝተሰኣኖም ወይ ዘጸግሞም (TTY)**
**519-575-4608**

grt.ca

Region of Waterloo

5/2025